


# ውዒሉ ሓዲሩ ንዓለም ዘሕንኽ ውዲታት ኣመሪካ!

*ዶ/ር ጊዴዎን ኣባይ ኣስመሮም፡ በዘን ኣብ ላዕሊ ኣስፈረየን ዘለኹ፥ ኣገደስትን ኣቃላዕትን ስእልን ኣርእስትን ብእንግሊዝኛ ንዘስፈሮ ጽሑፍ ብልዑል ኣንክሮ ኣንቢበዮን ኣዝየ ተመሲጠን'የ። ስለዚ ብዘይ ፍቓዱ፡ ገለ ካብ ትሕዝቶ ጽሑፉ ክጠቅስን፡ ንጽኑዕ ሃገራዊ መትከሉ ኣመስጊነ፡ ንዘሕደረለይ ስምዒት ብትግርኛ ክገልጽን ብምብጋሰይ ከይቅየመኒ እናተሰከፍኩ እነሆ ርእይቶይ እህብ።*

*እዛ ርእሰ ገላጺት ስእሊ ንባዕላ፡ ነቲ ዓለም ኣዒንታ ጨፊናን ኣእዛና ዓፊናን እትዕዘቦ ዘላ <u>ውዲት፡ ርግጸተ-ሕጊ፡ ሸርሒ፡ ሓሶት፡ ጥልመት፡ ክሕደት፡</u> ብዕልን ብዘየወላውል መንገድን እተቃልዕ'ያ። ደ/ር ግዴዎን፡ ካብ ገዛእ ደንበ ናይዞም ውዲተኛታት ንዝረኸቦ ጭብጥታት ኣሰንዩ ብእንግሊዝኛ ንዘቕረቦ ትሕዝቶ ምስእተንብብ እሞ ኸኣ፥ <u>ዓለምና ብሓፈሻ፡</u> ብፍላይ ከኣ እቲ ኣብ ዓለምና ፍትሒ ክንግስ ዝተመስረተ <u>ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡</u> ክሳብ ክንደይ ብፍርሒ ርዒዶም፡ ኣመሪካ ንእትደልዮ ኵሉ ዋላ ነቲ ርኡይ ጌጋታት ኣብ ምፍጻም ከምዝተቘማጥዑ ዘረጋግጽ'ዩ። ከምቲ ዚበሃል፡ ንሓቂ ብርእሳ እንተቐበርካያ ብእግራ ስለእትወጽእ ግን፡ ንዓለም ዘሕንኽ ከምዚ ኸውን ዘጠራጥር የብሉን።*

ደ/ር ግዴዎን ብንጹር ገሊጹዎ ከምዘሎ፣ ኤርትራና ብኣመሪካ እትጽልኣሉ እንኮ ምኽንያት፣ ንዅሉ ኣልማሲ ረድኤታት ወጻኢ ወጊድ ኢላ፣ ብመትከል ርእሰ ምርኰሳ ኣብ ጐደና ምዕባሌ ኣብ ምሕንባብ እትርከብ እንኮ ኣፍሪቃዊት ሃገር ኰይና፣ ወናኒት ገዛእ ውሳኔኣን ምሕደራኣን ብምዃና ጥራሕ'ዩ። ከምቲ ኵለን'ተን ከደምቲ ዚገብርኦ፣ ንዅሉ ምምሕዳር ኣመሪካ ዚደልዩዎ ፍጻሜታት ብዘይ ገለ ተቓውሞ፣ እሺ ጐይታይ! ኢላ ዘይትእዘዝ ብምዃና'ዩ ኸኣ ከም ገበነኛን መዋሊት ግብረ ሽበራን ዘጠቅና ዘሎ። ካብዚ ብምብጋስ'ዩ ድማ፣ እቲ ኵሉ ተጻብኦታት፣ ውዲታት፣ ህንደዳ ንዘይፍትሓውን ዓማጽን እገዳታትን ንምትራፉን ኣብ ርእሲኣ ዚፍተን ዘሎ። እዚ ግን ዓቕሊ ጽበት ዝፈጠሮ ከንቱ ፈተነ'ምበር፣ ዝኾነ ይኹን ጭብጢ ዘይብሉ ጥቕነ'ዩ። ኣብ ወጻኢ ዚቕመጡ ኤርትራውያን፣ 2% መሕወይ ግብሪ ኪኸፍሉ ዝተወሰነ ድማ፣ ህዝቢ ብድሌቱ ዚፍጽሞ'ምበር፣ ከምቲ ጠቀንቲ ዚብሉዎ፣ ብሓይሊ እናኣገደድካ ዋላ ተሓኒቕካ ብኣፍንጫ ግድን ዚኽፈል ኣይኰነን። ብሕጋዊ መንገዲ ኣብ ኤርትራ መሰል ተጠቃምነት ኪህልዎ ዚደሊ ኵሉ ኤርትራዊ ከኣ፣ ዝኾነ ይኹን ተወሳኺ መግለጺ ከየድለዮ መሕወይ ግብሪ ግቡኡ ከማልእ ከምዚግብኦ ይፈልጥ'ዩ።

ከምቲ ደ/ር ግዴዎን ኣባይ ኣስመሮም ብንጹር ኣስፊሩዎ ዘሎ ድማ፣ ዓመጽቲ ምምሕዳር ኣመሪካ፣ ነታ ኣብ ደንደስ ምብትታን እትርከብ ኢትዮጵያ፣ ብዋጋ ኤርትራ ንምድሓን ዚገብርዎ ዘለዉ ዘስገድግድ ውዲታት ኵሉ፤ ፍረ ዘይርከቦ ከንቱ ሃቐነ'ዩ። ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ግን፣ ንፍጹም ልምሰት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣረጋጊጹ፤ ግህሰት ግዝኣተ ሕጊ ኣብ መላእ ዓለምና ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ከምዘኸተለ ዘማትእ የብሉን። ኤርትራውያን ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ብንጹር ብህዝባዊ መኸተኦም ደጋጊሞም ይገልጹዎ ከምዘለዉ ግን፣ ነዛ ህያብ ስዉኣትና ዝኾነት ኤርትራ ጽንጽያ ዓይና ዘንፍረላ ከምዘየለ ብዙሕ መደረ ዘየድልዮ እኹል መርትዖ'ዩ።

ብኣጋጣሚ ኣብዚ ቅንያት'ዚ፣ ካብ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ ተኣኻኺቦም፣ ኣብ ኣስመራ ዝተጋብኡ መንእሰያት ኣፍሪቃ ዘካየድዎ ዕዉት ኣኼባ፣ ንብሩህ መጻኢ ኣፍሪቃ ዚእምት መድረኽ ፈጢሩ'ሎ። ኣብታ መዲና ንቕሓትን ፍልጠትን ዝኾነት ከተማ ሳዋ፥ "ኣርሒቕና ንጥምት ብዕጽፊ ንስጕም!" ብዚብል ቴማ ኪካየድ ምቅርራብ ዚግበረሉ ዘሎን፣ ካብ መላእ ዓለም ዚመጹ ኣሽሓት ኤርትራውያንን መሓዙት ኤርትራን ዚካፈሉዎ ፈስቲቫል መንእሰያት ድማ፣ ከምቲ ልሙድ ብሩህ መጻኢ ኤርትራ ከርኢ ምዃኑ ዘማትእ የብሉን።

ሓቂ ሒዛ ኤርትራና ተዓዋቲት'ያ!

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!

መትከል ኣስመሮም ሽወደን።